# ብቕዓታትካ ኣለልይ

ኣብ ሓደ ዓይነት ሞያ ተመኩሮ እንተሎካ: እሞ ንተመኩሮታት ሞያዊ ናብራኻ ኣብ ሽወደን ብኸመይ ክትጥቀመሎም ከም ትኽእል ክትፈልጥ'ዶ ትደልይ፧

ርእሰ-ግምገማ ብምግባር: ኣብቲ ሞያ እንታይ ከም ዚጥለብ ሓፈሻዊ ስእሊ ኪህልወካ ይኽእል'ዩ።

ነዚ ርእሰ-ግምገማ'ዚ: ኣብ ዕዳጋ-ስራሕ ሽወደን ካብ ዚርከቡ ዓይነታት ሞያ ዚምልከት ቅጥዒ ብምምላእ ኢኻ ኽኣ እትፍጽሞ። እቲ ዚስዕብ ምላሽ: ከም መመርኮሲ ክትጥቀመሉ'ዩ እቲ ሓሳብ፤ ምስ መራኽቢ ስራሕ ዝርርብ ብምግባር ከኣ ክትጥቀመሉ ትኽእል። እቲ ምላሽ: ካብቶም ዚሰማምዑኻ ዕድላት ቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕ ንምምራጽ: ንዓኻን ንቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕን ዕማም የቃልለልኩም። ከመይ ጌርካ ብቕዓታትካ ኣብ ሽወደን ክትጥቀመሎም ከም ትኽእል፤ ብኸመይ ከም ትቕጽል ሓበሬታ ክትረክብ፤ ትምህርትኻ ክትዛዝም፤ ስራሕ ተልመደን ክትፍትን ወይ ብቕዓትካ ከተርጥብ (validering) ምናልባት ደገፍ የድልየካ ይኸውን።.

እዞም ኣብዚ ርእሰ-ግምገማ ዘለዉ ሕቶታት: ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ሞያታት ሽወደን ዚቐርቡ ጠለባት ዝተመስረቱ'ዮም። እቲ ምላሽ ከኣ: ኣብቲ ሞያ ዘሎካ ፍልጠትን ተመኩሮን ዝተመርኮሰ ይኸውን።

ኵሉ ዘሎካ ፍልጠትን ተመኩሮን ኣብ ግምት ይኣቱ። ንብቕዓታትካ እትመዝን ከኣ ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ።

## ብቕዓታትካ ንምልላይ: ነዞም ዚስዕቡ መበገሲ ክትገብር ትኽእል ኢኻ:-

### 1: ተመኩሮ እንተ ዘይብልካ

- ምናልባት ጽንሰ-ሓሳባዊ (ቀለማዊ) ትምህርቲ ሃልዩካ ግን ተግባራዊ ተመኩሮ ዘይብልካ ትኸውን

### 2: ውሑድ ተመኩሮ

- ኣብቲ ሞያ: ካብ ዓመት ዚውሕድ ጊዜ ሰሪሕካ'ለኻ
- ኣብ ትምህርቲ ኣብ ዝነበርካሉ ወቕቲ ፈቲንካ ትፈልጥ ኢኻ

### 3: ዘዕግብ ተመኩሮ

- ዓመት ምሉእ ከም ዝሰራሕካ ዚምስክር መወከሲ ወይ ምስክር ወረቐት ኣሎካ
- ኣብ ሓደ ዓይነት ሞያ ኣብ ሓያሎ ኣብያተ ስራሕ ሰሪሕካ'ለኻ

### 4: ዓቢ ተመኩሮ

- ኣብቲ ሞያ እንተ ወሓደ ናይ ሓደ ዓመት ተመኩሮ ኣሎካ

- ተግባራዊ ተመኩሮ’ሎካ፤ ብተዛማዲ ኸኣ ቀልጢፍካ ርእስኻ ክኢልካ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ

## 5: ኣዝዩ ዓቢ ተመኩሮ

- ከም ኣካያዲ ስራሕ: ሓላፊ ወይ ክኢላ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ክትፍተን ትኽእል ኢኻ
- ነቲ ስራሕ ኣብ ምውዳብን ምምዕባልን ተመኩሮ’ሎካ፤ ኣብ ምሕደራውን ኣተኣላልያን ስራሕ’ውን ተመኩሮ’ሎካ
- ኣብቲ መዳይ ስራሕ እቲ ዕማም ብኸመይ ኪዕመም ከም ዘለዎ ኣብ ምሕባር ተመኩሮ’ሎካ፤ መሳርሕትኻ ከተንጥፍን ከተተባብዕን’ውን ትኽእል ኢኻ
- ንዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት/ጉጅለታት/መዳያት ስራሕ/መሳርሕቲ ዘድልዩ መጋበርያታት ኣብ ምውዳብ ተመኩሮ ኣሎካ

ተመኩሮታትካ ብሰፊሕ ክትገልጽ እንተ ደሊኻ: ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ቅጥዒ ዘሎ ንናጻ ጽሑፍ ዘገልግል ባዶ ቦታ ተጠቐም። ምናልባት ኣብቲ ሞያ ተመኩሮ ሃልዩካ ክነሱ ንዕኡ ዚምልከት ሕቶ ኣብዚ ቅጥዒ ርእሰ-ግምገማ’ዚ ኣይቀረበን ኪኸውን ይኽእል’ዩ።

ትምህርትኻን ተመኩሮታትን ብገለ ኣገባብ ንኣብነት ብምስክር ወረቐት ወይ ትምህርታዊ ነጥቢ’ዶ ከተመስክር ትኽእል፧ ምስክር ወረቐት ወይ ትምህርታዊ ነጥቢ እንተሎካ: ቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕ ብቤት ምኽሪ ዩኒቨርሲቲን ላዕላይ ትምህርትን (UHR, Universitets- och högskolerådet) ኣቢሉ ሰነዳትካ ኣብ ምትርጓምን ምርጣብን ኪተሓጋገዘካ ይኽእል’ዩ።

# ናይ ርእሰ ገምጋም ኦርነክ
# ቀምቃም ጸጉሪ/ባርቤረ

| ብቕዓታት/ክእለታት | 1-5 (ተመክሮ ኣልቦ – ብጣዕሚ ዓቢ ተመክሮ) |
|---|---|
| 1. ጽቡቕ ክእለት ናይ ኣጋይሽ ኣቀባብላ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 2. ሓደ ኣጸጋሚ ኩነታት፣ ህድኣተይ ኣየጥፍእን ኢየ | 1 2 3 4 5 |
| 3. ኣብ ወጥሪ እንከለኹ፣ ስርሐይ ክኣልይ ይኽእል | 1 2 3 4 5 |
| 4. ናይ ስራሕ ሃዋህው፣ እንታይ ከም ዝኾነን ትሕዝቶኡን ይፈልጥ ኢየ | 1 2 3 4 5 |
| 5. ብ ናይ ሓደ ስራሕ ቦታ ሕግታት ምቕያድ ይኽእል ኢየ | 1 2 3 4 5 |
| 6. እብ ስራሕ ቦታይ እቲ ሰፈረይ፣ ጽፉፍን ጽሩይን ገይረ ይሕዞ | 1 2 3 4 5 |
| **ተመክሮ** | |
| 7. ምስ ካልኦት ሓቢርካ ምስራሕ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 8. ንበይነ ምስራሕን ናይ ውሳኔ ምውሳድን ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 9. ከም ተቖጻጻራይ/ሓለቓ ኾይንካ ምስራሕ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 10. ብመቐዝ ገቢርካ፣ ናይ መሰረታዊ ምቑራጽ ፍልጠትን ተመክሮን ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 11. ጸጉሪ ክቖርጽ ከለኹ አፈለት (ካራ/ላማ) ናይ ምጥቃም ፍልጠትን ተመሮን ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 12. ከምይ ገቢርካ ጸጉሪ ተርቅቕ፣ ፍልጠትን ተመክሮን | 1 2 3 4 5 |
| 13. ናይ ቆልዑት ቀጉሪ ምቑራጽ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 14. ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጸጉሪ ምቑራጽ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 15. ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጸጉሪ ምቑራጽ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 16. ናይ ጸጉሪ ምሕጻብን፡ ምልቕላቅኻ፡ ምሕሳይን ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 17. ጸጉሪ ብንፋስ ምድራቕ ተምክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 18. ጸጉሪ ሕብሪ ምልካይ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 19. ጸጉሪ ናይ ምጽዕዳው ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 20. ጥውዮ ናይ ምግባር ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 21. ጸጉሪ ናይ ምልስላስ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |

| | |
|---|---|
| 22. ናይ ሕብሪ ስነ ሓሳብ ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 23. ጸጉሪ ምስ ኣለስለካ ወይ ሕብሪ ምስ ለኸኻ ክመፅእ ዝኽእል ግብረ መልሲ ናይ ኣለርጅያ/ንድረት/ኦፍፈት ፍልጠት ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 24. ናይ መርዓትን፣ ናይ በዓላት ምምሻጥ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 25. ቀሊል ምሻጦ ናይ ምምሻጥ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 26. አክስተንሽን (ጸጉሪ ምንዋሕ) ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 27. ሽፍሽፍቲ ዓይንን ቅርኒብ ዓይንን ሕብሪ ናይ ምልካይ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 28. ኣፍንጫን እዝንን ናይ ምስቋር ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |

ኣብዚ ቅርጺ ዘይኣተወ ብሉጽ ናይ ቅርንጫፍ ተምክሮታትካ ኣብዚ ጸሓፍ።